# ***እንተ ዝምዕድ***

ናብቶም ንእየሱስ ክርስቶስ እዙዛት ክትኮኑ ብምንጻግ ደሙ ከኣ ምእንቲ ክትነጽሁ በቲ ቀዳሲ ዝኾነ ስራሕ መንፈስ ቅዱስ እግዚኣብሄር ኣቦ ዝሓረየኩም ጸጋን ሰላምን ኣባኻትኩም ይብዛሕ፣ እዛ ዝምዕድ ብዝብል ኣርእስቲ ተዳልያ ዘላ ጽሕፍቲ ከም መበገሲ እካ እቲ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ታሪኽ ሃዋርያ ቶማስ እንተኾነ።ብኹነታትና ብዘንጻባርቕ ኣቀራርባ ንትምህርትና ንክኸውን ባዕላዊ ትንተናን ሓሳባትን ብምጥቅላል እተዳለወት እያ፣ ስለዚ በዚ ሓሳብ እዚ ከነንብቦ እላቦ፣

ሓጺን እንተ ጎደመ ከም ዝስሕሎ ሰብ'ውን ካብ ታሪኽ ሰብ ይመሃር እዩ'ሞ። ንምኽንያት ብልሕኹም ክኾነኩም ተመኩሮ ህይወተይ ከካፍለኩም ኣንብቡኒ፣

ስመይ ቶማስ እብሃል: ሓደ ካብቶም ዓሰርተ ክልተ ደቀ መዛሙርቲ ጎይታይን ኣምላኸይን ዝኾነ ኢየሱስ እየ፣ ድሒረ'ውን ሃዋርያ ክኸውን ጸጋ ኣምላኽ ደጊፉኒ እዩ (ማቴ10:2-4)፣ ዝበዝሑ ሰባት ቶማስ ዲዲሞስ ይብሉኒ። ትርጉሙ እቲ ማንታ ማለት እዩ (ዮሃ11:16)፣ ዋላ እካ ምስቶም ንኹሉ ጠንጢኖም ዝስዕቡ ዝንበሩ እንተ ነበርኩ። ካብ ልበይ ዝዓዩ ዝነበርኩ ኮይኑ ኣይስምዓንን፣ መጀመርታ ታሪኸይ ውድቀት ዝበዝሖ እካ እንተ ኾነ። መጨረስትኡስ ኣይከም መጀመርታኡን። ታሪኸይ ዝጸበቐ ፈቃር ኣምላኸይ ስሙ ይባረኽ፣

ንጎይታይን ኣምላኸይን ኢየሱስ ክርስቶስ ክስዕብ ከሎኹ።መንነቱ ብምልኣት ተረዲአ እስዕብ ኣይነበርኩን፣ ስለዚ ከኣ ንልቢ ጎይትይ ዝሰብር ቃላት ብዙሕ እዋን ካብ ኣፈይ ወጺኡ እዩ፣ ግናኸ እቲ ከም ግብረይ ዘይፈደየኒ ምሕረተኛ ኣምላኸይ ይምስገን፣

ንሱ። እቲ ጎይታይን ኣምላኸይን ርእሱ ዘጸግዓላ ቅንጣብ መጽለልን ትሕዝቶን ዘይነበሮ ብምንባሩ። እንታይ ርእየ እስዕቦ ከም ዝነበርኩ ብዙሕ ኣይርድኣንን፣ ክዛረብ ክሰምዖ ከሎኹ ግና ልበይ ሓጎስ ይመልእ። ስለዚ ድማ ነፍሰይ ደድሕሪኡ ምስዓብ ባህ ኢሉዋ ትመርጾ፣ ዋላ እካ ዝበዝሐ ትእምርቱ ብእዝነይ እንተ ሰማዕኩዎ። መሰረታዊ መልእኽቱ እንታይ ምኻኑ ግና ኣይስተውዕሎን ነበርኩ፣ ጸላእቲ ጎይታይ ከም ጸጉሪ ርእሲ ማእለያ ዘይብሎም ብምኻኖም። ናኣይን ነቶም ካልኦት ደቀ መዛሙርትን ምስኡ ኣሕቢሮም ከይቀትሉና ልበይ ኩሉ ግዜ ብዙሕ ይሻቀል ነበረ፣ ከመይሲ ዕድመ ዘይጸገብኩ ንኡስ በዓል ትኩስ ሓይሊ ነበርኩ እሞ። ሰብ ዝጠዓሞ ጥዒመ ንቡር ፈቲነ። ክመውት ባህገይ እዩ ነይሩ፣ እንታይ እሞ። ሞት ፈሪሕካን ንክርስቶስ ክትስዕብ ደሊኻን ዘይከውን ኮይኑኒ። ኣብ መንጎ እዘን ክልተ ነገራት ልበይ ኣዚዩ ተቐርቀረ፣ ብፍላይ ድማ ኣብቲ ጎይታይን ኣምላኸይን ስለ ድሕነተይን ድሕነት ኩሉ ዓለምን መከራ ይጸግበሉ ኣብ ዝነበረ ግዜን ምስ ተሸንከረን። ከም ፍታሕ ዝሓዝኩዎ መርገጺ። ካብ ሕብረት ደቀ መዝሙርቲ እናረሓቕካ ንኢየሱስ ምስዓብ ዝብል ነበረ፣

ህይወን በረኸትን ንዘለኣለም እተኣዘዞ።ኣብቲ ጠሊ ሄርሞን ንነፍሲ ዘጥልል ጸጋ ዝዓዘዞ ሕብረት። ንዓይ ኣይንታየይን እዩ ዝነበረ፣ ጣዕሚ ሕበረት ቅዱሳን ከም ዘየስተማቐርኩ ምኻን። ከም እቶም ገሊኦም ልማድ ዝገብርዎ። ብዙሕ እዋን ኣኼባይ ጠንጢነ ፈቐዶኡ ኮለል ዝበልኩዎ ውሑድ ኣይነበረን፣ ከም ውጽኢት ናይ እዚ ድኹም ጎድነይ ከኣ። ብዙሕ ክውንኖ ዝግብኣኒ ዝነበረ መንፈሳዊ ምልምማድ። ከምቲ እተኻዕወ ማይ ዘይሕፈስ። ከምኡ ከሲረዮ ነበርኩ፣ ዘይምእማነይ ካብ ብጽእና ምጉዳለይ ሽዑ እዩ እተረድኣኒ፣ ግን ከኣ ብዝሒ ምሕረቱ ኣብ ልዕለይ። ንልበይ ረትዖ እም። ጎይታይን ኣምላኸይን በልኩዎ፣ መዘዝ ሰንኮፍ ሕብረተይ ምስ ደቀ መዛሙርቱ እዚ ጥራይ ኣይነብረን፣ ዋላ እካ ትንሳኤ ጎይታ ብኢደይን ብኣዒንተይን እንተ ኣረጋገጽኩ። ጴጥሮስ "…. ኣነስ ዓሳ ክገፍፍ ክኸይድ እየ…" ኢሉ ነቲ ሓደ እዋን ዝጠንጠኖ መርበቡን ጃልባኡን ክምለስ ምኻኑ ምስ ነገረና። ኣነ ካብቶም "ንሕና፣ውን ምሳኸ ንኸይድ"ዝበሉ ነበርኩ፣ ሽዑ'ውን ጎይታ ኣብ ጽንዓት ልብና ኣይሓደገናን፣ ምድሪ ምስ ወግሐ። ብበረኸት ኣእዳ' መንነቱ ከነስተውዕል ኣዒንትና ከፊቱልና እዩ (ዮሃ 20።1-3)፣

ምኽንያት ናይዚ ኩሉ ውድቀት ዝመልአ ታሪኽይ። ኣብ ሕብረት ዝነበረኒ ድኹም ርድኢት እዩ። ኢለ ይኣምን፣ እምበኣርከስ ከም ኣመንቲ ጎይታ መጠን። ብሓድነት ሕብረት ንሓድሕድና ኣዚና ጥሙራት ንኹን፣ እቲ ዝዓበየ ውዲት። ተኹላ ነተን ኣባጊዕ ፋሕ ከብለን እሞ። በብሓደ ከዛረፈን እዩ፣ ነአን ኣብቲ ሕብረት ዘለዋ ግና። ኣብኡ በረኸት ኣሎ። ኣብኡ ምጽንናዕ ኣሎ። ኣብኡ ብመንፈስ ምዕባይ ኣሎ። ኣብኡ ፍውስን ምዝናን መስበርትን ኣሎ እሞ። ከምታ ጥፍእቲ በጊዕ ካብ መጓሴኣ ንበይና ተፈልያ ዝጠፍአት። ካብ ሕብረት ኣመንቲ ኣይንጥፋእ (እብ 10፣ 24)፣ እምበኣር መልእኽተይ ንምዝዛም እቲ ቀንዲ ክብሎ ዝደለኹ ነጥቢ። ሕብረት: ሕብረት። ኣይትሕደጉ ዝብል እዩ!!!

እግዚኣብሄር ጸጋኡ የብዝሓልኩም!